ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ حزب الشعب الديمقراطي الارتري

**ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC PARTY**

*ዘተን ደሞክራስን ይዓንብብ*

# ***ዓወት ዘሰነዮ ህዝባዊ ምይይጥ ድርብ ዓወት የማዕዱ!***

እቲ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ደሞክራስያዊ ቃልስን ዝተዳናጸፎም ዘተባብዑ ግን ካኣ ዘየዛንዩ ዓወታትን፣ ተራ መንእሰያት ኣብ ቃልሲ ትማልን ሎምን፣ ዘተኮሩ ዓበይቲ ኣርእስታት ኣልዒሉ ምስ ኤርትራውያን ነበርቲ ኣዲስ ኣበባን ወከልቲ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን ንምምይያጥ፣ ብ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ክፍሊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት ዝተወደበ፣ ብሓላፊ ክፍሊ ህዝባውን ማሕበራውን ጉዳያት ኣቶ ሓጅ ዓብደልኑርን ኣባል'ቲ ክፍሊ ኣቶ ዓብደልራሕማን ጣሃን ዝተመርሐ ኣኼባ፣ ኣብ ዕለት 15 ጥሪ 2012 ብዉዕዉዕ ናይ ምስታፍ መንፈስን ብርኩት ህዝባዊ ምትእኽኻብን ኣብ ቤት ጽሕፈት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ተጋዳላይ ሓጅ ዓብደልኑር ኣብ መደረኡ፣ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ፣ ኣማዕባብልኡን ኣብ ቃልሲ ንለውጢ ዝሰገሮም መድረኻትን ዘጋጠምዎ ብደሆታትን፣ ካብ መጀመርታ ክሳብ ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤን ምቛም ሃገራዊ ባይቶን ምውድዳባቱን ብሰፊሑ ድሕሪ ምግላጽ፣ ነቲ ካብ ሃገራዊ ጉባኤ ክምዘዝ ትጽቢት ዝተገብረሉ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ምቛም ዝነበሮ ዘይተሓለለ ጻዕርን ሰናይ ድሌታትን ብምዝርዛር፣ ***ኤ.ዲ.ኪ.*** ሕጂውን ዕላማታት ሃገራዊ ባይቶ ንምዕዋት ኩሉ ዝከኣሎ ምድግጋፍ ክገብር ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ምስኡ ተታሓሒዙ ንቐጻልነት ኤ.ዲ.ኪ. ኣመልኪቱ፣ ህላወ ኤ.ዲ.ኪ ኣገዳሲ ኾይኑ ብኹሉ ሸነኻት ብኣወንታ ክጥመት ከምዘለዎን ቀጻሊ መደባቱ ሓንጺጹ ክነጥፍ ምዃኑን ምስ ዕላማታት ሃገራዊ ባይቶ ብዘይገራጮ መንገዲ ዕይኡ ከምዝቕጽል ኣስሚርሉ። ብምቕጻል ኣቶ ሓጅ፣ ኣብ ትማሊ ዝነበረ ባህጊ ኤርትራን ኤርትራውያንን፣ ኣብ ሎሚ ዘሎ ህግደፋዊ መኹለፍትን ኣዝዩ ዘሐዝን ጥልመታዊ ፍልልይ ስለ ዘለዎ፣ ነዚ ዓጽመ ደም ሰማእታትናን ጻዕርን ርሃጽን ህዝብናን ዝኻሓደ ገባቲ ስርዓት ንምእላይ ናይ ነፍስወከፍና ኣበርክቶ ዝሕተተሉ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ተጓኒፍና'ሎ፣ ብምባል ኩሉ ደላይ ለውጢ ንዕኡ ትውክል ፍትሓዊት ጸጸር ናብ'ዚ ቅዱስ ዕላማ ዝሓዘለ ቃልሲ ክድርቢ ተማሕጺኑ። ንሕና ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ፣ ዲክታተርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካእ ዝብል ንጹርን ፍትሓውን ዕላማ ኣለና ፣ እዚ ማለት ድማ ስልጣን ናይ ህዝቢ ሙዃኑ ኣሚንካ ምርግጋጽ፣ ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሉ ኣህዛብ ዓለም ውልቃውን ሓፈሻውን መሰላቱ ክሕለወሉ ምጽዓር ማለት'ዩ ክብል መጠን ቅንዑነት ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ኣነጺሩ።

ንዝርኣዩ ፍልልያት ኣመልኪቱ ኣቶ ሓጅ ዓብደልኑር፣ ኣብ ፖለቲካዊ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ፍልልያት ክህሉ ግድን ከም ሙዃኑ መጠን ከሰንብደና ከም ዘየብሉ ድሕሪ ምምሕጻን፣ ንዝኸሰቱ ፍልልያት ጴርና ንምፍትሖም እናጽዓርና፣ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ገባቲ ጉጅለ ናይ ምእላይ ዕላማና ከነተኩርን፣ ዝፍትሑ ዘይመስሉ ሽግራት እንተሃልዮም ውን ኣብ መድረኾም ንህዝቢ ክግደፉ ሙዃኖም ክንግንዘብን ኣዘኻኺሩ። ካብዚ ቀጺሉ ነቲ "ደምበ ተቓውሞ ግዜ በሊዑ፣ ኣብ ለውጢ ዘይብሉ ሽንኮለል ተሸሚሙ" ዝብል ግጉይ ኣዘራርባ፣ ነቲ ብራዘርሁድ (brotherhood) ዝተባህለ ናይ ግብጺ ሰልፊ ከም ኣብነት ብምጥቃስ፣ ኣብ 80 ዓመት ዕድሚኡ ዘሕለፎ ስቓይን ጭፍጨፋን ብምግላጽ ሕጂ ዝጓናጸፎ ዘሎ ዓወታት ተገንዚብና፣ ቃልሲ መሪር ጉዕዞን ረዚን ዋጋን ግዜን ዝሓትት ሞራል ምውዳቕ ከሰንዮ ዘይግባእ መስርሕ'ዩ ክብል ኣተንቢሁ።

ተራ መንእሰያት ኣብ ፍትሓዊ ቃልሲ ምስ ትማልን ሎምን ብምንጽጻር'ውን ሰፊሕ ምይይጥ ተኻይድሉ። መንእሰይ ሃገርና ኣብ እዋን መግዛእቲ ካብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ክሳብ ብረታዊ ቃልሲን ምውሓስ ናጽነትን ዝነበሮ ዕዙዝ ተራ ብምምዃስ፣ እዚ ኣብ ወቕቲ ጥልመትን ምልካውነትን ብጅሆ ዝተሳቐየን ገና ዝሳቐ ዘሎን፣ ብዓይኒ ብለይ ስኒ ብለይ ካብ ሃገርን ስድራን ብዘይውሑስ መንገዲ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝውሕዝ ዘሎን ኣበየ በረኻታትን ባሕርታትን መልኣከ ሞት ዝጽበዮ ዘሎን መንእሰይ'ከ፣ ኣብ'ዚ ሃገራዊ ፍትሓዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ኣበርክትኡ ከመይ ኢዩ? ብኸመይ'ከ ክቕጽል ኣለዎ ዝብል ሰፊሕ ኣርእስቲ ተላዒሉ; ብተሳተፍቲ ኣኼባ ርሱን ክትዕን ምይይጥን ተጌርሉ። ድሕሪ'ቲ ዝተገብረ እሂን ምሂን ድማ ደምበ ተቓውሞ ንመንእሰይ ጥጡሕ ባይታ ኣብ ምፍጣር ክሰርሕን፣ ንሱታፌ ፍትሓዊ ቃልሲ ከይተሓለለ ናብ መንእሰይ ዕድሚኡ ክቕርብን፣ ተሞክሮታቱ ብዘይተጉላባነት ከውርስን ከተባብዕን፣ መንእሰይ ድማ ንዝገጥሞ ብድሆታት ሰንጢቕካ ናይ ምውጻእ ባህሪ ከም ዘለዎ መጠን፣ ንዝቐርብሉ ቅዱሳት ናይ ቃልሲ ዕድመን ንዝፍጠረሉ ጥጡሕ ባይታን ግዜ ከይበልዐ ክጥቀመሎምን፣ ኣብ ጉዕዞ ንዝገጥምዎ ማሕለኻታት ድማ ከከም ኣመጻጽኦም እናፈትሐ ሕንባበ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ናህሩ ንኸውስኽ ክጽዕርን ህዝባዊ ለውጢ ክዉን ንምግባር ክሰርሕን ሓባራዊ ጻውዒት ናይ'ቲ ኣኼበኛ ብሙዃን ተቓሊሑ።

እቲ ***"ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ብሓባር ንላዓል"***

> ***"ህግደፍ ንምውጋድ ኩሉ ዓቕምታትን ሓይልታትን ደሞክራስያዊ ለውጢ ይጠመር"***
>
> ***"ብህግደፍ ዝተዓየነ ኤርትራዊ መንነትና ንምምላስ ንቃለስ"***
>
> ***"ናጽነትና መንነትና ብዙሕነትና ግርማና"***

ዝብሉ ጭርሖታት ዘሰነይዎ ህዝባዊ ኣኼባ፣ ተጓናጺፍናዮ ዘለና ዓወታት ዘተባብዕ ድኣ'ምበር ዘዛኒ ከም ዘይኮነ ተርዲእና፣ ንዝያዳ ዓወት ዝያዳ ስራሕ ስለ ዘድሊ ኣብ'ቲ ንደልዮ ናይ ለውጢ ጥርዚ ንኽንበጽሕ ነዚ ይጽናሓለይ ዘይባሃሎ ሃገራዊ ውራይ ቀዳምነት ብምሃብ እጃማትናን ግቡኣትናን ኣስሚርና ብዉህሉል ሓይሊ ነባሪ ለውጢ ክዉን ክንገብር፣ ትልሚ ቃልስና ክንዛዝም እዋናዊ ግዴታና ሙዃኑ ኣስሚርሉ።

መራሕቲ ናይ'ቲ ኣኼባ ንዝቐረበሎም ጽዑቕን ሃገራዊ ወኒ ዝዓብለሎን ሕቶታት ብምምላስን፣ ንዝተዋህቦም ረዘንቲ ርኢቶታት ብምቕባልን ነቲ ኣኼባ ዛዚመሞ።

***<u>ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ደ.ህ.ኤ.) ዘተን ደሞክራስን ይዓንብብ</u>***

***<u>ክፍሊ ዜና</u>      <u>ዕለት 16 ጥሪ 2012 ኣዲስ ኣበባ</u>***